# ማሕበር ተጋሩ ኣብ ኖርወይ

## መግለፂ ሓዘን ኪነጥበባዊ ንጉስን ሃርበኛን እያሱ በርሀ

ማሕበር ተጋሩ ኣብ ኖርወይ መስዋእቲ ኪነጥበባዊ ንጉስን ሃርበኛን እያሱ በርሀ ዝሰምዖ ብዓብዪ ድንጋፀ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ- እንኮላይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ንሃርበኛን ኪነጥበባዊን እያሱ በርሀ ድንገት እንትስእንዎ ከምዝኸማና ኣዝዩ ዓብዪ ሓዘን ከምተሰመዖም ዝተፋላለየ መራኸብቲ ሓፋሽ ከምዘቃልሓ'ውን ተኸታቲልና ኢና።

ኪነጥበባዊ ሃርበኛ እያሱ ግን እቲ ዝሰርሖን ዘፍረዮን እንትንርኢ 53 ዓመታት ብሂወት ዝፀንሐ ውልቀ ሰብ እንተይኮነስ ልዕሊ ሚኢቲ ዓመት ዝፀንሐ ብዙሓት ኣባላት ዘለዉዎ ናይባዕሉ ኣሰራርሓን መዋቅርን ዘለዎ ትካል እዩ ዝመስል። እያሱ በርሀ ሒደት ዓመታት ነይሩ ኣዝዩ ብዙሕ ስራሕ ዝሰርሐን ንመንእሰይ ወለዶ ትግራይ ናይ ዕላማ ፅንዓት፣ ናይ ኣታሓሳስባን ክእለትን ዘይውሱንነትን፣ ናይ ህዝቢ ፍቕሪን ሓልዮትን፣ ናይ ኣሰራርሓ ተገዛእነትን፣ ንመስዋእትነት ድልውነትን፣ ፃዕራምነትን ብተሞክሮ ዘምሃረ ሃርበኛ ኮይኑ ኣብልዕሊ መቓብርን ኣብ ህያው ሕሊና ብዙሓት ይነብር።

ናይ እያሱ ኪነጥበባዊ ምልኪ ብህዝባዊ ድምፃውነት፣ ብዜማ ኣፍላቕነት፣ ብመድረኽ መሪሕነት፣ ብመሳርሒ ሙዚቃ መላኻይነት፣ ብስነቃል ህዝቢ ኣላላዪነት፣ ብስነፅሑፍን ብስነግጥሚን፣ ብምውዳድ ሙዚቃን ፈጠራን ካብ ብዙሕ ብቑሩብ ይግለፅ። እቲ ኣዝዩ ዘገርም ካዓ ነዞም ኣዝዮም ብዙሓት ክእለታቱ ክእመን ኣብዘይኽእል ሓፂር ጊዜ ኣዝዩ ብዝማርኽ ኣገባብ ናብ ቃልሲ ማእቶትነትን ንተገልገልቲ ኪነጥበብ መዘናግዕነትን የቕርቦም።

እያሱ ኣብ ናይ ልምዓት ቃልሲ ማለት ኣብ ራያ-ኣላማጣ ናይ እቶት ምትእኽኻብ ብዘይ ዕረፍቲ እንትሰርሕ ምስውኡ ግን ንኹልና ተጋሩ ደቂ ደቡብ፣ ስሜን፣ ምዕራብ፣ ምብራቕን ማእኸላይን ሰፍ ዘይብል ዕዳ እዩ ገዲፉልና ኸይዱ። ስለዚ ኣብነቱ ተኸቲልና፣ ሓድነትና ኣስጢምና፣ ውልቃውነት እናወገድና፣ ሓቦ ሰኒቕና ብፍላይ ኣዝዮም ቁሩባት ዝኾኑ ውልቀሰባት ካብ "ማይ ቀጠነ" ፖለቲካን ቁሽታዊ ኣታሓሳስባታትን ተናጊፍና ንልምዓት ብምርብራብ ንመስዋእቲ እያሱ ንደብስ።

ሓርበኛን ኪነጥበባዊ ንጉስን እያሱ በርሀ በድንገት ብመስዋእቲ ብምፍላዩ ንስድራቤት እያሱ በርሀ፣ ንህዝቢ ትግራይን ተቓለስቲ ህወሓትን፣ ብሓፈሻ ድማ ንተቓለስቲ ኢህወዴግን ህዝቢ ኢትዮጵያን ፅንዓት ይሃብኩም ይሃበና እናበልና ንስዉእ እያሱ በርሀ'ውን ሰማይ ነብሲ ይምሓር ንብል

ማህበር ተጋሩ ኣብ ኖርወይ